# ኣጸሓሕፋ ቃላት

Region
Östergötland

ወርድ ቃል ሓደ ካብቶም እብ ጥማር ማይክሮኦፊስ ፕሮግራም ዝርከቡ ፕሮግራማት ደቂቅን ፈቁስን ቤት ጽሕፈት እዩ እቶም ካልኦት ፕሮግራማት ኤክሰል፣ ፓወር ፖይንት፣ ፓብሊሸር፣ ኣውትሉክ፣ ኣክሰስ ይብሃሉ።

ወርድ ዝተፈላለዩ ዶክመንትታት ንምፍጥአር ዘኽእል መሰርሒ እዩ ንኣብነት ሓጸርቲ ጽሑፋት ደብዳቤ ወይ ሪፖርትታት (ጸብጻባት) ብተወሳኺ ኣብ ወርድ ምስ ጽሑፍ ዝተተሓሓዘ ስእሊ

ጆግራፍያዊ ካርታ ከምኡ ውን ሰደቓታት ምቕማጥ ይከኣል።

ኣብ ሞንጎ እቶም በበይኖም ቅርጽታት ናይ ወርድ ፕሮግራም ገለገለ ፍልልያት ኣሎ ግን ኩሎም ናይ ጽሑፍ ዶኩመንት ንምቕራጽ ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ኣለዎም።

ኣብ ወርድ በበይኑ ዓይነት ናይ ፋይል ቅርጺ ብምጥቃም ጽሑፍ ምዕቃብ ምውህላል ይከኣል ሓደ ኣብነት ፒዲኤፍ ፎርማት እዩ ሓደ ፒዲኤፍ ፋይል ንኻልኦት ምስ ዝስደድ ዝኾነ ሰብ ብኣዶበ ሪደር ዝብሃል ዋጋ ዘይክፈሎ ፕሮግራም ብምጥቃም ክንበብ ይከኣል ።

ሚክሮኦፊእ ዋጋ ዘይክፈሎ ኣይኮነን ግን ሓድሓደ ኣማራጺ ፕሮግራማት ካብ ኢንተርነት ብነጻ ምርጋፍ ክውሰድ ይከኣል ንኣብነት ሚክሮሶፍት ኦፐን ኦፊስ ናይ ወርድ ፋይል ክንበብ ይከኣል ከምኡ ውን ናይ ሚክሮሶፍት ኦፐን ኦፊስ ኣብ ወርድ።

ናይ ሚክሮሶፍት ኦፐን ኦፊስ በዚ ዝስዕብ ጌርካ ብነጻ ክራገፍ ክውሰድ ይከኣል፣
http://download.openoffice.org/index.html


Dokument1 - Microsoft Word
ዓውዲ ስም ዶክሜንት
Arkiv Redigera Visa Infoga Format Verktyg Tabell Fönster Hjälp
መስመር ናይ ዝምረጹ ዝርዝራት
ዓውዲ መሳርሕታት
Normal
Times New Roman
12
100%
Alla poster
Ny autotext...
ንዶክሜንት ንላዕሊ ሸረር ንምባል
ጸጋማይ ጥርዚ
ናይ ጋድም መስመር
የማናይ ጥርዚ
ብሓገዝ ናይ ኣንጭዋ (ሙስ) እቲ ጽሑፍ ኣበይ ከም ዝሰፍር ምምልካት ይከኣል እታ መመልከቲ እናብለጭለጨት ትሕብር ሕንጻጽ እያ
ላዕለዋይ ጥርዚ ዶብ (ማርጅን)
እዚ ሓሙኽሽታዊ ኣርባዕተ ኩርናዕ እቲ ኣብ ውሽጥ ጥርዚታት ዘሎ ባይታ ናይ መጽሓፊ ይሕብር
ናይ ትኹል መስመር
ክዘዋወር ዝኽእል ትኹላዊ ሊስታ/ንዶክመንት ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ኣዙር
ሸረር ንምባልን ኣብቲ ዶክመንት ንታሕቲ ንምዝውዋርን ዝኽእል
ክዘዋወር ዝኽእል ኣግድማዊ ሊስታ/ ንጸጋም ወይ ንየማን ኣዙር.
ንመስኣሊ ዝኾኑ መሳርሕታት ዘለውዎ/ዝሓዘ ዓውዲ
Rita
Figurer




## ቅልጡፍ ናይ መምረጺ ሊስታ። ናብ ናይ ኣርኪቭ ቆፎ ነዊሕ ሊስታ ከይከድካ ትእዛዝ ንምሃብ ዘኽእሉ ኣማራጺታት፣

- **ሓድሽ፡** ሓድሽ ዶክመንት ክፈት
- **ክፈት፡** ድሮ ተፈጢሩን ተዓቍቡን ዘሎ ዶክመንት ክፈት
- **ዓቅብ፡** ኣብ ዶክመንት ድሕሪ ዝተግብረ ሞቅይያራት ናይታ ፋይል ስም ወይ ቦታ ከይቀየርካ ዓቅብ.
- **ዝተጻሕፈ ኣውጽእ፡** ዶክመንት ብምምልካት ሓቲምካ ኣዉጽእ
- **ብዝሒ ገጽ ዳህስስ፡** ቅድሚ ምሕታምካ ብዝሒ ገጽ ተቛጸጸር
- **ስርዓተ ኣጸሓሕፋ፡** ምቁጽጻር ስርዓተ ኣጸሓሕፋ። ነዚ ተመሪጹ ዘሎ መስመራት ንምትዕርራይ ኣብቲ ናይ መሳርሕታት ሊስታ ብምጥዋቕ ቋንቋ ምረጽ። እታ ንመኣረሚ ስርዓተ ኣጸሓሕፋ ትኾነካ ቋንቋ ምረጽ
- **ምድላይ ፋይል፡** ፋይል ንምንዳይ ሙሉእ ወይ ክፋል ስም ናይታ ትድለ ፋይል ጽሓፍ።




## ዓውዲ መሰርሕታት – ፍርም (መልክዕ) ምሃብ

- **ቅርጺ ፊደል:** ኣብታ ንእሽቶ ስሉስ ኲርናዕ ብምጥዋቕ ምረጽ። ቡዙሓት ቅርጺ ፊዴላት ኣለዉ።
- **ዕብየት ቅርጺ ፊደል:** ዕብየት ቅርጺ ፊደል ኣብታ ንእሽቶ ስሉስ ዓንኬል ብምጥዋቕ ምረጽ።
- **ድሙቕ ቅርጺ:** ኣብ **F** ብምጥዋቕ ድሙቕ ቅርጺ ፊደል ግበሮ።እቲ ምድማቕ ክትኣልዮ ምስ ዘድሊ እንደገና ን **F** ጠውቃ።
- **ቁናን ቅርጺ :** ኣብ *K* ብምጥዋቕ ቁናን ቅርጺ ፊደል ግበሮ። እቲ ምቕናን ክትኣልዮ ምስ ዘድሊ እንደገና ን *K* ጠውቃ።
- **ኣብ ቲሕቲኡ ዝተሓንጸጸ ቅርጺ:** ኣብ **U** ብምጥዋቕ ኣብ ቲሕቲኡ ዝተሓንጸጸ ቅርጺ ግበሮ። እቲ ሕንጻጽ ክትኣልዮ ምስ ዘድሊ እንደገና ን **U** ጠውቃ።

## ዝተፈላለዩ ቅርጺ ፊዴላት

**Arial** ኤሪያል *mistral* ሚስትራል ENGRAVERS MT ኢንግረቨርስ ኤምቲ
curlz MT ከርልዝ ኤምቲ
Times New Roman ታይምስ ኒው ሮማን

## ዕብየት ቅርጺ ፊዴላት= ዕብየት ቅርጺ ፊደል 14 ዕብየት ቅርጺ ፊደል 20 ዕብየት

ቅርጺ ፊደል 40 ዕብየት ቅርጺ

ፊደል 60

ቅርጺ ፊደል

**ድሙቕ** ዘይድሙቕ *ቋናን* *ድሙቕን ቋናንን*

<u>ዝተሰምረሉ</u>

**<u>ዝተሰምረሉን ድሙቕን</u>**




## መሰርሕታት መኣረሚ

- **ቀንጥብ:** ብምሉእ ወይ ክፋል ዶክመንት ብምቕንጣብ ኣብቲ ተታሒዙ ዘሎ ዶክመንት ወይ ኣብ ካልእ ዶክመንት ንምጥባቕ።
- **ቅዳሕ:** ብምሉእ ወይ ክፋል ዶክመንት ብምቕዳሕ ኣብቲ ተታሒዙ ዘሎ ዶክመንት ወይ ኣብ ካልእ ዶክመንት ንምጥባቕ።
- **ኣጥብቕ (ለጥፍ):** ኣብ ኣቕዲምካ ዝተገብረ ስጉምቲ ዝተቐንጠበ ወይ ዝተቐድሔ ንምጥባቕ። ነታ ናይ ኣንጭዋ ኣመልካቲት ኣብታ ንጽሑፍካ ዝመረጽካያ ቦታ ኣቐሚጥካ ን **"ኣጥብቕ"** ጠውቕ።
- **ፎርም (ቀዲሕካ) ኣምጽእ:** ናይ ጽሑፍ ፎርም ከም ዕብየት፣ ቅርጺ፣ ሕብሪ፣ ቅርጺ ፊደል ዝኣመሰሉ ቅዳሕ። ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ጽሑፍካ ኣንብሮ።
- **ተጠዓስ**: ካብታ ናይ መጨረሻ ዝገበርካያ ስጉምቲ ንምጥዓስ። ነታ ተጠዓስ ትብል ብምጥዋቕ ንድሕሪት እናተመለስካ ቡዙሕ ምጥዓሳት ክግበር ይከኣል።
- **መሊስካ/እንደገና ግበሮ**: ነቲ ዝተጣዓስካዮ ናብ ዝነበሮ ክትመልስ ነታ መሊስካ ግበሮ ጠውቕ።




## ዓውዲ መሳርሒታት - ፎርም (ቅርጺ) መውሃቢ

- **ንጸጋም መተኻኸሊ :** ናይ ጸጋም ማርጂን ትኽ ዘለ። ናይ የማን ዘይተስተኻኸለ። እታ ምዕራፍ ብጸጋም ናይቲ ገጽ ትምዕረ።
- **መማእከሊ** : እታ ምዕራፍ ኣብ ምእከል ናይቲ ገጽ ትቕመጥ።
- **ንየማን መተኻኸሊ** : ናይ የማን ማርጂን ትኽ ዘለ። ናይ ጸጋም ዘይተስተኻኸለ። እታ ምዕራፍ ብየማን ናይቲ ገጽ ትምዕረ።
- **ንማዕረ ጠረፋት መተኻኸሊ** : ጸጋማይን የማናይን ጥርዚታት ትኽ ዝበሉ (ማዕረ) ይኾኑ።
- **ራሕቂ መስመራት**: ካብ ሊስታ ብምምራጽ ኣብ ሞንጎ መስመራት ትደልዮ ራሕቂ ወስን።
- **ጸጋም ንየማን** : እቲ ጽሑፍ ካብ ጸጋም ንየማን ከምዝኸይድ ግበር። ናብነት ከም ሽወደነኛን እንግሊዘኛን ጽሑፍ ።
- **የማን ንጸጋም** : እቲ ጽሑፍ ካብ የማን ንጸጋም ከምዝኸይድ ግበር። ናብነት ከም ናይ ዓረበኛ ጽሑፍ።
- **ቁጽራዊ ሊስታ** : ብዝሒ ነጥብታትካ ብቁጽሪ ከተቐምጦ ምስ ትደሊ ዝጥቀም።
- **ነጥባዊ ሊስታ** : ልክዕ ከም ቁጽራዊ ሊስታ ዝጠቅም ግን ኣብ ክንዲ ቁጽሪ ነጥቢታት ንጥቀም።
- **እትወት መንኣሲ** : ንናይ ሐንቲ ምዕራፍ ንውሽጢ ምእታው የጉድል።
- **እትወት መወሰኺ** : ንናይ ሐንቲ ምዕራፍ ንውሽጢ ምእታው ይውስኽ

# ብጸጋማይ ጥርዚ ዝተመዓራረየ

# ኣመኣኻኽላ

# ብየማናይ ጥርዚ ዝተመዓራረየ

**ነጥባዊ ሊስታ -** ሊስታ በነጥብታት ንምሃብ፣

እታ ናይ መጀመርያ ነጥብኻሞ ጽሓፋ፣ ነታ ኣብ ዓውዲ መሳርሒታት ዘላ

***ነጥባዊ ሊስታ*** ትብል ጠውቕ። እታ ***እቶ*** ብዝተጠወቐትሉ ጊዜ ሓድሽ መስመር ምስ ነጥቡ ይጅምር። ነታ ነጥባዊ ሊስታ ብምጥዋቕ እቲ ሊስታ ይዝዘም።

- እታ ቀዳመይቲ ነጥቢ
- እታ ካልኣይቲ ነጥቢ
- እታ ሳልሰይቲ ነጥቢ

**ቁጽራዊ ሊስታ -** ናይ ቁጽራዊ ሊስታ ዝርዝራት ንምጽሓፍ፣

ናይ ቁጽራዊ ሊስታ ዝርዝራት ንምጽሓፍ። እታ ናይ መጀመርያ ነጥቢ ድሕሪ ምጽሓፍ ኣብ ዓውዲ መሳርሒታት ዘላ ***ቁጽራዊ ሊስታ*** ጠውቕ።

እታ ***እቶ*** ብዝተጠወቐትሉ ጊዜ ሓድሽ መስመር ምስ ቁጽሩ ይጅምር። ነታ ቁጽራዊ ሊስታ ብምጥዋቕ እቲ ሊስታ ይዝዘም።

1. እታ ቀዳመይቲ ቁጽሪ
2. እታ ካልኣይቲ ቁጽሪ
3. እታ ሳልሰይቲ ቁጽሪ







# ዓውዲ መሰርሒታት – ኣወሃህባ ፎርም (ቅርጺ)

- **ናይ ወሰን መስመር** : ኣብ ወሰናስን ናይ ጽሑፍ መስመር ንምስኣል
- **ንጽሑፍ መቕብኢ ሕብረታት** : ኣብ ጽሑፍ ዝንጸፍ ሕብረ ንምምራጽ። ነታ መመልከቲት ብምጥዋቕ ዝደለኻዮ ሕብረ ይምረጽ።
- **ንፊደል መቕብኢ ሕብረታት** : ነታ መመልከቲት ብምጥዋቕ ዝደለኻዮ ሕብረ ፊደል ምረጽ።




## ዓውዲ መሰርሒታት

- **መተኣሳሰሪ :** ምስ ካልእ ፋይል ወይ ብኢንተርነት ምስ ካልእ ቦታ ናይ ዓለባ ሰርየት መተኣሳሰሪ
- **ሰደቓ ስኣል :** መመልከቲ ኣንጭዋ ብምጥቃም ሰደቓ ንምስኣል
- **ሰደቓ ኣእቱ :** ብዝሒ መስመርን ዓንዲን ባዕልኻ ብምውሳን ሰደቓ ንምቕማጥ
- **ሰደቓ ኤክሰል :** ናይ ኤክሰል ሰደቓ ኣእቱ
- **ዓምዲታት :** ንጽሑፍካ ኣብ ዝደለኻዮ ብዝሒ ዓምዲታት ምቕሉ
- **ወርድ ኣርት :** ዝተጸባበቐ ጽሑፍ ንምቕማጥ
- **ድለ :** ኣብቲ ጽሑፍ ቃል ወይ ምዕራፍ ንምድላይ
- **% ኣርኢ ፣ ዙም :** ንዶኩመንት ኣዕቢኻ ወይ ኣናኢስካ ንምርኣይ
- **ኣንብብ ኣርኢ:** ንዶኩመንት ኣብ ሙሉእ ኳድሮ ኣንብብ ኣርኢ

# ስእልታት ኣእቱ

- ንኣእቱ ጠውቕ። ስእላዊ ነገራት ምረጽ (ኣብቲ ብሉይ ወርድ) ኣብቲ ሓድሽ ወርድ ንኣርኪብ መኒ ወይ ብቐጥታ ስእሊ ካብ ዓውዲ መሳርሒ ብምምራጽ ጠውቕ።
- ናይ ልዝብ መስኮትም ክፈት ድሕሪኡ ንኣእቱ ጠውቕ።









# ምልክታት ወይ ቅርጺ ፊደል ኣእቱ

ሓደ ወይ ቡዙሓት ምልክታት ሓዋዊስካ ንምስፋር፣ ኣብታ ኣእቱ ብምጥዋቕ ምልክታት ምረጽ። ካብቶም መስመራት ዝውቱራት ጆመትራዊ ምልክታት ኣመልካቲታት ወዘተ ምረጽ።







ናይቲ ቅርጺ ... ናይ ኣንጭዋ
መመልከቲት ... ግዳም ወይ
ንውሽጢ ስ...

ናብ ሜኑ ድ... ከተስፍሮ ትደሊ ጽባቐ ጽሕፈት

ንምእታው ...



# ቁጽሪ ገጽ ንምእታው

- ኣእቱ ድሕሪ ምምራጽ ቁጽሪ ገጽ ምረጽ
- ኣብ ሞስኮተ ልዝብ ነቲ ቁጽሪ ገጽ ኣበይ ከተስፍሮ ከም ትደሊ ትውስን።












# መስመር ጥርዚ

**ወርድ 2003**




- ኣብ ወርድ ናይ 2003 ፎርማ ንምምራጽ መስመር ጥርዚን መርጎዲኡን ምረጽ። ኣብ ወርድ ናይ 2007 ኣቀማምጣ ገጽ/ፎርማ ገጽ ድሕሪ ምምራጽ ዶብ ገጽ (መስመር ጥርዚ) ገጽ ጠውቕ።
- ነዘ መስኮት ልዝብ ብምኽፋት ንመስመር ጥርዚ ዝኾኑኻ ዓይነት መስመር፣ ሕብሪ፣ ርጉዲ፣ ስልማት ትመርጽ።
- ንመስመር ጥርዚ ድሕሪ ምምራጽ ካብቶም ትሪኦም ኣማራጺታት ናይ ገጽ መስመራት ሕረ።

**ወርድ 2007**









## መስመር ጥርዚን ርጉዱን

ትርብዒት 1፥ **መስመር ጥርዚ**
ትርብዒት 2፥ **መስመር ጥርዚ ጎኒ**
ትርብዒት 3፥ **ቅርጺ መጸባበቒ (ስልማት)**

- ኣርኪቭ ከፊትካ ማርጂናት ጽሑፍካ ኣብ ወርድ 2003 ምስ ተመልከትካ **ፎርማ (መልክዕ) ሕትመት** ምረጽ።
- ኣብ ወርድ 2007 ማርጂናት ጽሑፍካ ድሕሪ ምምልካት **ኣቀማምጣ ገጽ** ከፊትካ ማርጂናት ምረጽ።












# ዓቅብ




- ሓድሽ ፋይል ንምዕቃብ ኣርኪቭ ከፊትካ ነዛ ዓቅብ ከም... ምረጽ።







- ፋይል ንምዕቃብ ካብ ኣብ ወርድ 2003 ኣብ ወርድ 2007 ዝያዳ ኣማራጺታት ኣሎ።
- ናይ ልዝብ መስኮት ክፈት´ሞ እታ ዶኩመንት ኣበይ ክትዕቅባ ከምትደሊ፣ እንታይ ሽም ትህባን ብየናይ ፎርም ከምትህባን ምረጽ።
- ሓደ ዶኩመንት ምስ ፈጠርካ **ከም... ዓቅባ**፣ ካብ **ኣርኪቭ** መኒ ብምምራጽ ዓቅባ። ኣብታ ድሮ ዝተዓቀበት ዶኩመንት ዝተገብረ ለውጢታት ንምዕቃብ ኣብ ዓውዲ መሳርሒታት **ንዓቅብ** ጥራይ ብምጥዋቕ ይዕቀብ። ወይ ድማ ካብ **ኣርኪቭ ዓቅብ** ብምጥላብ ምዕቃብ ይከኣል።
- ናይ ተዓቂባ ዘላ ዶኩመንት ቅዳሕ ንምፍጣር **ዓቅብ ከም...** ብምምራጽን ሓድሽ ናይ ዶኩመንት ሽም ብምሃብን ይፍጸም።

# ፈተሻ ዶኩመንትን ምሕታምን

ቅድሚ ምሕታምካ እታ ዶኩመንት ከመይ ከምትመስል ምፍታሽን ምቁጽጻርን ጽቡቕዩ። ኣብ ፈተሻ ዶኩመንት ምስሊ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ብስእሊ ይርኤ።

•ወርድ 2003 - ብቐጥታ ናብ **ኣርኪብ** ብምጥዋቕ **ፍተሻ ዶሉመንት** ትመርጽ።

•ወርድ 2007 - ኣብ ኣርኪብ ዘለዉ ዝርዝራት ብምኽፋት ሕተም ትመርጽ። ካብ ዝወሃበካ ቡዙሕ ኣማራታጺታት ምሕራይ ይከኣል።

•**ኣርኪብ** መኒ ብምኽፋት **ሕተም** ምረጽ። ናይ ልዝብ መስኮት ምስረኣኻ ንምሕታም ካብ ዘለዉ ኣማራጺታት ሓሪኻ ምሕታም ይከኣል።

**ወርድ 2003**




**ወርድ 2007**




